# ጥዕናኻ ሓሉ። ጥዕና ማሕበረሰብካ ሓሉ። ተኸተብ።



## ክታበታት COVID-19፦ ነቲ ሓቂ ፍለጦ

**ክታበታት ንኹሉ ሰብ ብናጻ እዩ ዝውሃብ።**
ኩነታት ናይ መንበሪ ወረቐትካ ወይ ናይ ሕክምና ኢንሹራንስኻ ወይ መለለዩ መንነትካ ይሃልውካ ኣይሃልውካ ብዘየገድስ፡ ክታበታት ንኹሉ ሰብ ብናጻ እዩ ዝውሃብ።

**እቲ ኽታበት ውሑስን ውጽኢታውን እዩ። ብሰንኪ እቲ ኽታበት COVID-19 ፈጺሙ ኣይክሕዘካን እዩ።**
ኣብ ታሪኽ ሕ.መ.ኣ፡ ከምዚ ኽታበት ገይሩ ውሕስነቱ ብመርመራታት እተተረጋገጸ ኻልእ ኽታበት የለን።

**ጐድናዊ ሳዕቤናት ክህሉ ንቡር እዩ።**
ጐድናዊ ሳዕቤናት ኣሎካ ማለት እቲ ኽታበት ንሰብነትካ ምስ COVID-19 ብኸመይ ክቃለስ ከም ዘለዎ እምህሮ ኣሎ ማለት እዩ።

**COVID-19 ሒዙካ እንተ ነይሩ እውን ክትክተብ ኣሎካ።**

**ድሕሪ ምኽታብካ፡ ጥንቃቐ ኣይፈለኻ፦**
- መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ግበር።
- ማሕበራዊ ርሕቀት ሓሉ።
- ወትሩ ኣእዳውካ ተሓጸብ።
- በተደጋጋሚ ብኢድ ዝተሓ ቦታታት ኣጽርይ።
- እዋናዊ ኽታበታት COVID-19፡ ብቑዕ እንተ ኼንካ እንተላይ ሓጋዚ መበርትዒ ተኸተብ።

NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants

17 Aug 2022

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፦ cdc.gov/coronavirus